# ከባቢያውያን ስጉምቲታት ዝለዓለ ኣድማዕነት ኣለዎም

ጋዜጣዊ መልእኽቲ| ዕለት: 12.11.2021

|ቍጽሪ/Nr: 147/21

ብምኽንያት ኰሮና ኣብ ሆስፒታል ዝዕቈቡ እናበዝሑ ኢዮም፡ ጽላት ኣገልጉሎት ጥዕና ሃገርና ብርቱዕ ጽቕጠት እናወረዶ ድማ ኢዩ። ስለዚ ኸኣ ለብዒ ንምንካይ መንግስቲ ገለ ገለ ተወሰኽቲ ሃገራውያን ስጉምቲታት የተኣታቱ ኣሎ፡ ይኹን ድኣ’ምበር ነፍሰ ወከፍ ንኡስ ዞባ ነናይ ከባቢኣ ኩነታት ባዕላ ብዝበለጸ ስለ እትፈልጥ ከከም ኣድላይነቱ ኣኣብ ዘደሊ ቦታ ስጉምቲታት ከተታኣታቱ ትኽእል ኢያ።

እዚ ገጢሙና ዘሎ ምዕባለ ንዝሓሸ ኩነታት ክንቕይሮ እንተድኣ ዘይክኢልና፡ ኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን ሃገርና ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ክኸብዶ ይኽእል ኢዩ። ሓያል ነትጉ ለብዒ ዝኽሰተን ዘለዋ ንኡሳን ዞባታትና ድማ ንክተሓሓዝኦ ይግደዳ።

–እዚ ዘሎ ኩነታት እናተኸታተልና’ዮ እናበረኹ ንዝመጹ ዘለው ኣሃዛት ተዓቒብቲ ሆስፒታላት እውን ብዕቱብ ንከታተሎ ኢና ዘለና። ብወገና እተን ግዳይ ሓደስቲ ለብዕታት ዝኾና ዘለዋ ንኡሳን ዞባታትና እቲ ዝልዓለ ኣድማዕነት ኣለዎ እንብሎ ስጉምቲታት ከባቢያዊ ስጉምቲታት ብሃልቲ ብምኺና ከባቢያዊ ስጉምቲታት ከም መከላኸሊ ሕማማት ለብዒ ንከተኣታትዋ ኢዩ።  ንኡሳን ዞባታትና ከቢድ ጾር ሓላፍነት ኢዩ ጸኒሕወን፡ ከም ዘርኣይኦ ድማ ንነትጉ ለብዕታት ብቕልጡፍን ስሉጥን ኣገባብ ከበርዕና ጸኒሐን ኢየን፡ ስለዚ ኣብ ዝቕጽል ነተን ለብዒ እናበረኸ ዝገነን ዘሎ ንኡሳን ዞባታት ብተመሳሳሊ ጻዕሪ ክቕጽላ ኣገዳሲ ኢዩ ይብል ቀዳማይ ሚንስተር ዮናስ ጋኣር ስተረ።

ኣብ ብዙሓት ካብተን ዝቕመጡለንን ዝሰርሑለንን ንኡሳን ዞባታት ሕደ ዞባዊ ስጉምቲታት ንክተኣታቶ ኣድላይነት ምስ ዝህሉ፡ እተን ዝምልከተን ንኡሳን ዞባታት ክወሃሃዳ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ኢዩ። እንተድኣ ኣብ ሕደ ዞባ ንዘለዋ ንኡሳን ዞባታት ክወሃሃዳ ምስ ዘይሰልጠን ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ዞባውያን መምርሒ ቅጥዕትታት ንክውስነለን ክሓስበሉ ኢዩ። ኣብተን ኣኻሊ ስጉምቲታት ንምውሳን ግዜ ዝበልዓ ንኡሳን ዞባታት ምስ ዝህልዋ መንግስቲ ንከባብያውን ዞባውን ዝምልከት መንግስታዊ ውሳኔታት

ክውስን ምናልባሽ የድሊ ይኹውን ኢዩ። መንግስትን ዝምልከቶም ሞያውያን ኣብያተ ጽሕፈታትን ነቲ ኩነታት ብጥብቂ ይከታተልዎ ኣለው።

– ማዕረ ማዕሪኡ ነዚ ተኸሲስቱ ዘሎ ምዕባለ ንምቕያር እንታይ ክማላእ ከም ዘለዎ ፈሊጥና ኣለና። ኩሉ ሰብ ምስ ዝሓምም ካብ ቤቱ ንከይወጽእን ክምርመርን ምልክታት ሕማም ምስ ዝፍለጡ ድማ ክውሸብን ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ብብዝሒ ምስ ዝኸተቡ እውን ጠቓሚ ግደ ከይሃለዎ ኣይተርፍን ኢዩ። ብወገነይ ኩሎም እቶም ክኸተቡ ዕድል ዘለዎም ንክኽተቡ እላበዎም ትብል ሚንስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኩል።

## ዘይክቱባን መቃርብቲ ንክምርመሩ ግቡኦም ይኹውን

ምስፍሕፋሕ ለብዒ ኣብ ሕብረተሰብና ንምድራት፡ ምስ ብኮሮና ዝተለብዐ ዝቕመጡ ልዕሊ 18 ዝዕድመኦም ሰባት ንክምርመሩ ግብኦም ንክኹውን ብዝብል መንግስቲ ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኣሎ። እዚ ግቡእነት እዚ ካብ ዕለት 16 ሕዳር ንኔው ኣትሒዙ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

–እንተድኣ ዘይክቱብ ኰይንካ ወኸኣ ምስ ሓደ ብኮሮና ዝተለብዐ ትቕመጥ ኰይንካ፡ እንተ ብባዕላዊ መርመራ መዓልቲ መዓልቲ ትምርመር ወይ ከኣ ንሓደ ሰሙን (7 መዓልታት) ኣኣብ ካልኣይ መዓልቲ ብመርመራ- PCR ትምርመር። እዚ ግቡኣዊ መርመራ እዚ ክሳብ ሸውዓተ መዓልታት ድሕሪ ምቅርራብ ዝተኻየደላ መወዳእታ መዓልቲ ዝምልከት ይኹውን። ምሕጽንታ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ግቡእነት ኢዩ ብምባል ተተሓሳሰብ ሚኒስተር ኢንግቪልድ ሻርኩል።

እንተድኣ እቲ መቃምጥቲ ክቱብ ኰይኑ፡ ኣብቲ መርመራታት ክካየደሉ ተባሂሉ ዘሎ ሰሙን (7 መዓልታት) ክልተ መርመራታት ንክውሰድ ኢና ንምሕጸን (ባዕላዊን መርመራ- PCRን)። ትሕቲ 18 ዝዕድመኦም ንዝኾኑ እውን ብተመሳሳሊ ሰርዓተመርመራ ከም ናይ ዘይክቱባን ንክኽተሉ ኢዩ ምሕጽንታና።

እንተድኣ ምስ ሓደ ብኮሮና ዝተለብዐ ሰብ ትቕመጥ ኰይንካ፡ ክሳብ እቲ ቀዳማይ ውጽኢት የብልካን ዝብል (ኣሉታዊ) ውጽኢት ዝመጽኣካ ካብ ቤትካ ክትወጽእ የብልካን።

## ዘይክቱባን ሰብ ሞያ ጥዕና ክምርመሩን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክጥቀሙ ይግባእ

ኣብዚ መወዳእታ እዋናት፡ ዘይተኸትቡ ኣባላት ሰራሕተኛታት ሰብ ሞያ ጥዕና ንተኣፈፍቲ ተሓከምቲ ከሕድርሎም ዝኽእሉ ስግኣትን ሓያል ኣቓልቦ ሰሪቑ ጸኒሑ፡ ዘይርደኣና ድማ ኣይኰነን። ብዛዕባ እዚ

ዝምልከት ቅጥዕታት ብኸመይ ካብዚ ኩነታት ክገላገላ ይኽእላ ብዝብል ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ንኹለን ንኡሳን ዘባታት ዝምልከት ምኽርታት ኣውጺኡ ኣሎ።

–ንተኣፈፍቲ ተሓከምቲ ንከይልብዑ ንምክልኻል ካልእ ተወሳኺ ቅጥዕታት ከነተኣታቱ ኢና። ስለዚ ድማ ንዘይተኽተቡ ኣባላት ሰራሕተኛታት ጥዕና በብእዋኑ ክኽተቡን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ግድን ንክጥቀሙን ተረር መልእኽቲ ከነመሓላልፍ ንደሊ። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ቅጥዕታት ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ንኹለን ንኡሳን ዘባታት ክሰደለን ኢዩ ክትብል ትሕብር ሻርኩል።

ብተወሳኺ ኣብቶም ለብዒ ገኒንወን ዘለዋ ቤት ትምህርቲታትን ጽቕጠት ሓዲርወን ንዘለዋ ቦታታት ኣገልግሎት ጥዕናን ለብዒ ቀልጢፉ ንክኽሻሕን ምስፍሕፋሕ ለብዒ ንምግታእን ኩነ ኢልና ብዕቱብ ጻዕሪ መርመራታት ከነካይድ ደሊና ኣለና።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ምኽርታት መርመራታት ኣብተን ለብዒ ገኒንወን ዘለዋ ንኡሳን ዘባታትን ቤት ትምህርትታትን ከመይ ክኾውን ከም ዝለዎ ንዝብል ሕጂ ምቅይያራት ኣተኣታትዩ ኣሎ።

## ወረቐት ምስክር ኮሮና ብዝያዳ ንምጥቃም ብዝሓሸ ይጣጣሕ

ንኡሳን ዘባታት ኣብ ከባቢአን ወረቐት ምስክር ኮሮና ንምጥቃም ንከጽድቓ ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ዕድል ንክረኽባ ሓድሽ መምርሒ የተኣታትወለን።

–ካብ ርገጣ፡ ካብ ጠለብ ምሕላው ርሕቀትን ካብ ደረታት ብዝሒ ሰባት ንምግልጋልን ብዙሓት ንኡሳን ዘባታትን ዋኒናትን ወረቐት ምስክር ኮሮና ንምጥቃም ባህጌም ዘስምዑ ኣለው። መታን ንኡሳን ዘባታት ወረቐት ምስክር ኮሮና ብምጥቃም ከባብያዊ ሕግታት ኮሮን ንከፋኹሳ ዕድል ክረኽባ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን መምርሒታት ከነታኣታቱ ኢና ትብል ሚኒስተር ኢንግቪልድ ሻርኩል።
ንማዕላ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ውሽጠ-ሃገር ብዘይ ዝኾነ ይኹን ካልእ ስጉምቲታት ንምጥቃም መንግስቲ ንምጥጣሑ ይሰርሕ ኣሎ፡ ስለዚ ድማ ወረቐት ምስክር ኮሮና ብሃገራዊ ደረጃ ብስፍሕ ዝበለ ኣገባብ ንምጥቃም መንግስቲ ጥልቕ ኢሉ ክርእዮ ኢዩ።

–ለብዒ ብትሑት መጠን ንምቍጽጻር ወረቐት ምስክር ኮሮና ከም ሓደ ስጉምቲ ንክንጥቀመላ ኣድላይነቱ ክንሓስበሉ ኢና፡ ማለት ኣብ ከምኒ ባራትን ቦታታት ኣስተናድኦታት፡ ስፖርታዊ እንግዶታትን ሲነማታትን ትያትራትን ዝኣመሰሉ። መላእ ሃገር ክታበት ንክትኽተብ ዕድል ክውሃብ ጸኒሑ'ዩ ክሳብ ሕጂ፡ ስለዚ ካብ ብርቱዕ ምስፍሕፋሕ ለብዒ ንምግታእ ወረቐት ምስክር ኮሮና ንምጥቃም ኣድላይነቱ ብዝቐለለ ንክረአ ምኽኑይ ኢዩ ብሃልቲ ኢና ክብል ይሕብር ቀዳማይ ሚኒስተር ዮናስ ጋኣር ስተአረ።

## ሕግታት መርመራ

እንተድኣ ሓደ ሰብ ኮቪድ-19 ከም ዝተለብዐ ተረጋጊጹ፡ ልዕሊ 18 ንዝዕድመኦም ዘይክቱባን ኣባላት ስድራቤቱ ንክምርመሩ ግቡኦም ኢዩ (ካብ ዕለት 17 ሕዳር ኣብ ግብሪ ይውዕል)። ኣገባብ ኣመራምራ ድማ እንተ ብባዕላዊ መርመራ መዓልቲ መዓልቲ ትምርመር ወይ ከኣ ንሓደ ሰሙን (7 መዓልታት) ኣኣብ ካልኣይ መዓልቲ ብመርመራ- PCR ብምምርማር ይካየድ። (**ሓድሽ**)

እዞም ዝስዕቡ ሰባት ንክምርመሩ ንላበዎም:

- ሓድሽ ምልክታት ሕማማት ስርዓተምስትንፋስ ዝተላዕሎም ሰባት ወይ ከኣ ካልእ ምልክታት ኮቪድ-19ን፡ ኩነተ ክትበቶም ብዘየገድስ።
- ምስ ሓደ ብኮቪድ-19 ከም ዝተለብዐ ዝተረጋገጸ ሰብ ዝቐረቡ ዘይክቱባን ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ንዝኾኑ መቃምጥቲ ሓደ ቤት። ሓደ ካብቶም ንልዕሊ 18 ዝዕድሚኦምን ዘይክቱባንን መቃምጥቲ ሕደ ቤት ዝምልከት ስርዓተመርመራ ንክኽተሉ ድማ ንምሕጸን። (**ሓድሽ**)
- መቃርብቲ ዝተረጋገጸ ልቡዕ ንዝኾኑ ክቱባን ኣባላት ተቐመጥቲ ሕደ ቤት ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ክልተ ሳዕ ንክምርመሩ ንምሕጸን። መቃርብቲ ተቐመጥቲ ሕደ ቤት ንዝኾኑ ክሳብ የብልኩምን ዝብል ኣሉታዊ ውጽኢት መርመራ ዝመጽኦም ካብ ቤቶም ክወጽኡ የብሎምን። (**ሓድሽ**)
- ብተወሳኺ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ምስ ተሓከምቲ ዝራኸቡ ዘይክቱባን ሰብ ሞያ ጥዕና ዝምልከት በብእዋኑ ኣብ ከከመይ ዝኣመሰለ ኩነታት ንክምርመሩን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ንክጥቀሙን ዝብል ካብ ዕለት 26 ሕዳር ንኔው ሞያዊ መምርሒታት ከተኣታቱ ኢዩ። (**ሓድሽ**)

# ኣብዚ እዋን እዚ ዝምልከቱ ሃገራዊያን ምኽርታትን ሕጋጋትን

- ኮቪድ-19 ከም ዘለና ምስ ተረጋገጸ ንክንውሸብ ክማላእ ዘለዎ ጠለብ'ዩ (ነዚ ጠለብ እዚ ዝጥሕሱ/ዘየማልኡ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ይብየነሎም)።
- ኣእዳውና ብቐጻሊ ምሕጻብ።
- ኣብ ትህንጥሰሉ እዋን መንዲል-ወረቐት ተጠቐም ወይ ከኣ ኣብ ትህንጥሰሉ ወይ ትስዕለሉ እዋን ኩርናዕ ኢድካ ተጠቐም። ብድሕሪኡ መንዲል-ወረቐትካ ተጠቒምካ ኣብ እንዳ ጐሓፍ ጐሓፉን ኣእዳውካ ድማ ተሓጸበን።

- ሓደሽቲ ምልክታት ሕማማት ስርዓተምስትንፋስ ምስ ዝላዓሉኻ ካብ ቤትካ ከይትወጽእን መርመራ ኮሮና ተመርመርን።

[ንመቃርብትን ንውሹባንን ዝምልከት ምኽሪታት/Råd til nærkontakter og de som er i isolering (Folkehelseinstituttet/ትካል ህዝባዊ ጥዕና)]